# <u>ሓበሬታ ፍትሓትን ስነ-ስርዓት ቀብሪ  ገዲም ተጋዳላይ ዘርኢሰናይ ተወልደ ቀላቲ</u>

ሓውናን ብጻይናን ተቓላሳይ ገዲም ተጋዳላይ ዘርኢሰናይ ተወልደ ቀላቲ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ዘይሕለል ሉዕል ሃገራዊነት ወኒኑ ፡ ንግዝኣተ ሕጊ፡ ፍትሕን ደሞክራሲያዊ ስርዓት ንኽትክልን ክዕምብብን፡ ከይታሓለለ ክቃለስ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ደንጉዩ ብዝተነገሮ ሕማምን ንሓጺር እዋን ሕክምናዊ ረድኤት እኳ እንተተገብረሉ፡ ብዕለት 24 ነሓሰ 2020፡ ኣብ መበል 68 ዕድሚኡ፡ ክነብረላ ኣብ ዝጸንሔ ከተማ ስይንት ፓውል፣ ክፍለግዝኣት ሚነሶታ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡  ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩና'ሎ። ወሪዱ ብዘሎ መስዋእቲ፡ መሪር ሓዘን ኣንዳተሰማዓና፡ ንስድራቤት ጽንዓት ክህቦም፡ ንስዉእ ብጻይና ገዲም ተጋዳላይ ዘርኢሰናይ ተወልደ ቀላቲ  ድማ ፈጣሪ ኣብ የማኑ ክቅበሎ ኣንዳጸሎና፡ ፍትሓትን ስነ-ስርዓት ቀብሪ  በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ክፍጸም ምዃኑ ንሕብር።

## <u>ፍትሓት ፥</u>

**ዓርቢ ዕለት 28 ነሓሰ፡ ሰዓት 9፡00 ንግሆ፡ ኣብ ቅድስተ ስላሴ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስትያን።**

**ኣድራሻ፥ 1250  Greenbrier Street, Saint Paul, MN 55106**

## <u>ሓመድ ኣዳም ዝለብሰሉ ቦታን ግዜን</u>

**ዓርቢ ዕለት 28 ነሓሰ፡ ሰዓት 11፡00 ንግሆ፡**

**ኣድራሻ፥ 2151 Pilot Knob Road, Mendota Heights, MN 55120**

## <u>መተሓሳሰቢ</u>

ብምኽንያት ለበዳ ኮሮና ቫይረስ፡

1ይ/ ኣብ ግዜ ፍትሓቱ ንቤተ ክርስትያን ውሽጢ ምእታው ንስድራቤት ጥራዩ ዝፍቀድ።

2ይ/ ሓመድ ኣዳም ኣብ ዝለብሰሉ ቦታን ግዜን፡  ስጋብ ኣቲ ስነስርዓት ዝፍጸም፡ ኩሉ ሰብ ኣኣብ መኪናኡ ክዕቀብን፡ በቲ ኣብ እዋኑ ዝዋሃብ ሓበሬታ ንሓዘንተኛታት ጽንዓት ይሃብኩም ምባልን።

3ይ/ ንዝኾነ ሓበሬታ፡ ብቁጽሪ ስልክታት፡ 651-233-3448 ወይ 651-367-9100 ወይ 612=203-3422 ብምድዋል ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ንመዋቲ መንግስተ ሰማይ

ንስድራቤት ድማ ጽንዓት ይሃብ።